## ኣብ ኣስመራ ተኹሲ፡ ህድማን ግፋን። 09/ የካቲት/ 2018

ምንጭታት ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ከምዘረጋገጹዎ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ብዝተፈጥረ ተኹስን ግፋን ህዝቢ ከምዝተኸላበተ፡ ክልተ ከም ዝተኣስሩ ሓደ ከም ዘምለጠ ኣረጋጊጾም። ነቲ ፍጻሜ ብኸምዚ ይገልጽዎ።

ሓደ ካብ ምክልኻል ሰራዊት ዝኾብለለ ኣብ ጸሎት ዝተዓደለ መሬት ጤሳ ተሰሪሑ ዘሎ ሓደስቲ ገዛውቲ ተኻርዩ ይቕመጥ ነይሩ። ሓለፍቱ ምክትታል ገይሮም ካብ ዘለዎ ቦታ ኣሲሮም ከምጽእዎ ትእዛዝ ሂቦም ክልተ ዕጡቓት ሰብ ብረት ሰዲዶሙሉ።

ዕለት 09/ የካቲትት ዓርቢ ምሸት፡ ንሳቶም ሰዓት 5፡ 00 ናይ ኣጋ ምሸት፡ እቲ ዝኾብለል ተኻርዩ ዝነበረሉ ገዛ መጺኦም ክወስዱዎ ፈቲኖም። ንሱ ፈንጢሱዎም ምስ ከደ ደድሕሪኡ እናሰዓቡ መፈራርሒ ሓሙሽተ ጥይት ንላዕሊ ተኩሶም። ናይ’ቲ ከባቢ ነበርቲ ህዝቢ ድምጺ ተኹሲ ሰሚዖም እንታይ ተረኺበ ኢሎም ምስወጹ፡ እዞም ደቀይ ቆልዓ ሰበይቲ ዘለዎ ገዛውቲ ጥይት ምትኳስ ህዝቢ ኣይተሰንብዱ ስለዝበሉዎም እቶም ንዝኾብለለ ክወስዱ ዝመጹ ክልተ (2) ሰባት ነቲ ቦታ ገዲፎሞ ንድሕሪት ተመሊሶም።

ነዊሕ ግዜ ከይጸንሑ ግና ካብ ቀሓውታ ሰራዊት መጺኡ ገዛ ገዛ እናፈተሹ ብኣልማም ግፋ ኣካይዶም። ንሓደ ብዕረፍቲ ዝመጸ ሕጋዊ መንቀሳቐሲ ዘለዎ ኣባል ምክልኻልን ንሓደ ናይ ዕድመ ጸጋ ዘለዎም ኣረጊት ኣቦ ኣሲሮም ወሲዶሞም። እቶም ኣቦ ብተኹስን ገዛ ገዛ ምፍታሽ ህዝቢ ኣይተሰምብዱ ስለዝበሉ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ነበርቲ ኣሲሮሞም። ህዝቢ ብዓይኑ ዝረኣዮ ብእዝኑ ዝሰምዖ ፍጻሜ ስለዝኾነ ካብ ነበርቲ ናይ’ቲ ከባቢ ዝርከቡ ህዝቢ ምስክርነቶም ከምዝሃብሉ ምንጭታትና ኣረጋጊጾም ።

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**፡ ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ 09/ February/ 2018
Email: uedf2012@gmail.com Website: www.erifront.com